ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.312 ሰንበት 30 ነሓሰ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት



ገጽ 4
ሳዕቤናት ብከላ ኣየር



ገጽ 5
ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር



ገጽ 7
ካብ ቀይሕ ዕምባባ ናብ ፊተውራሪ



# ኣብ ሆስፒታል ዓዲቐይሕ ዝተዋደደ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ንደረጃ ዘወሃብ ኣገልግሎት ክብ ከምዘበሎ ተገሊጹ

ኣብ ሆስፒታል ዓዲቐይሕ ዝተዋደደ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ንደረጃ ዘወሃብ ኣገልግሎት ክብ ከምዘበሎ፡ ተገልገልትን ሞያውያንን ገሊጾም።



መዲካል ዳይረክተር ናይ'ቲ ሆስፒታል ዶ/ር ጸጋዝኣብ ክፍለዝጊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ትካላት ጥዕና ዘመናዊ መሳርሒታትን ብቑዓት ኢኽእልን ዓቕሚ ክዓቡ ንኽዕሞጥቃ መንግስቲ ገዚፍ ወፍሪ ይገብር ከምዘሎ፣ እዚ ድማ ኣብ ምምሕያሽ ኣገልግሎታትን ጥዕና ሕብረተሰብን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል፡ ካብ 2023 ብርክት ዝበለ ድጅታላዊ መሳርሒታት ክተኣታቶ ምጽንሑ፣ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ድማ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ንዝርከቡ ዘገልግል ተወሳኺ ምዕቡል ናውቲ ከምኢተዓጥቀ ዝጠቐሰ ዶ/ር ጸጋዝኣብ፡ ንተገልገልትን ሞያውያንን እፎይታ ፈጢሩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ መውዓሊታ፡ ብሰንኪ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ሸኮርያን ጸቕጢ ደምን ዝሳዕብ ዘሎ ሰንክልናን ንኽውገድ፡ ሕብረተሰብ



ንቕሓቱ ብምብራኽ ኣብ ኣመጋግባኡ ጥንቁቕ ክኸውን፣ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክዘውትርን ካብ ዕሹግ መግብታት ክቖጠብን ኣተሓሳሲቡ።

ካብ ክፍሊ ፊዝዮተራፒ ኣቶ ተሾመ ተኽለ ብወገኑ፡ እቲ ክፍሊ ካብ ንኡስ ዞባታት ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ከምኡ'ውን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዝመጹ ዜጋታት ኣገልግሎት ከም ዝህብ ብምሕባር፡ እቲ ተዓጢቑ ዘሎ መሳርሒታት ኣብ ስርሖም ዓቢ ኣሳልጦን ውጽኢታውነትን ኣምጺኡ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተገልጋሊቲ ብወገኖም፡ ብዝተዋደደ ዘመናዊ መሳርሒታት ብቐረባ ጽፉፍ ኣገልግሎት ይረኽቡ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ መንግስቲ ኣብ ጽላት ጥዕና ንዘዝበሮ ዘሎ ወፍሪ መጕሶም።

# ድባርዋ - ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሽከቲ - ፕሮጀክት ዝስተ ማይ ተመሪቑ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሽከቲ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ጨንፈር ማይ ዝተዋደደ ስርዓት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብ23 ነሓሰ ተመሪቑ ኣገልግሎት ጀሚሩ።

እቲ ፕሮጀክት፡ ካብ ዓዲ-ጸንዓይ ምዝርጋሕ 12 ኪሎ-ሜተር ሻምብቆታት፣ ከምኡ'ውን ምውዳድ ብድምር 260 ሽሕ ሊትሮ ዝሕዝ ክልተ ኢጋንእ የጠቓልል።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሽከቲ ኣቶ መሓሪ ደባስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ ፕሮጀክት ማይ፡ ምስ ብዝሒ ነበርቲ ዘርግሐ፡ ኣቀማምጣ ዓዲን ዋሕዲ ዓይኒ ማይን ጸገማት ከምዝጸንሐ ብምሕባር፡ በዚ ሓድሽ ፕሮጀክት ኣብ



ዱጋ ሎግ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ክስትዩም ከምዝጀመሩ ገሊጹ።

ኣብ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ 2 ሓላፊ ማስመር ማይ ኣቶ ሸሻይ ተስፋይ ብወገኑ፡ ነበርቲ ሽከቲ ንምዕዋት ናይ'ቲ መደብ ዝርኣይዎ ዕዙዝ ተሳትፎ ብምምጓሱ፡ ቀጻልነቱ ንኽውሓስ ግቡእ ክንክንን ሓለዋን ክገብሩሉ ተላቢዩ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረእየሱስ ድማ፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ምንጭታት ማይ፡ ነበርቲ ብሓፈሻ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ከቢድ ጾር ከምዝጸበረን ብምጥቃስ፡ ዝኢ ንፍታሕ ብዝተኻየደ ጻዕርታት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ 15 ዓድታት ካብ ዱጋታት ሎግን ምስላምን ተጠቀምቲ ጽሩይ ማይ ከምዝኾኑ ሓቢሩ።

ካብ ድባርዋ ንሸነኽ ሰሜን 9 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ሽከቲ፡ 1,800 ነበርቲ ኣለዉዋ።

# ዓዲ-ኳላ - ውጽኢት መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣተባባዒ ምኳኑ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ውጽኢት መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣተባባዒ ስለዝኾነ ሓረስቶት ብስፍሓ ክዘውትርዎ፡ ክኢላታት ኣተሓሳሲቦም።

እቶም ክኢላታት ብ22 ነሓሰ ካብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጽኡ ልዕሊ 60 ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ፡ መሬት ብዝግባእ ምድላው፡ ብማስመር ምዝራእ፡ ምሩጽ ኣዝርእቲ ምጥቃምን ዑደት ኣዝርእቲ ምዝውታርን ርቡሕ እቶት ዝህብ ፍቱን ሜላታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሓረስቶት ንተግባሮውነቱ ክጽዕቱ ኣተሓሳሲቦም።

ወከል ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኪዳነ ለኣከ ብወገኑ፡ ሓረስቶት ኣብ ልምዓት ማሽናን ምርባሕ ጥሪትን ዘለዮም ንጥፈታት ዝተወሃሃደ ክኸውን ብምዝኽኻር፡ ከሚካላዊ ጸረ-ባልዕን ድኹዒን ካብ ጥቕሞም ጉድኣቱ ስለዝዓቢ ከወግድዎ ተላቢዩ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ኣብ ተጠቀምቲ ምሩጽ ዘርኢን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ብዝጸንሖም ድሩት ኣፍልጦ ምህርቶም ብኣሉታ ይጸሉ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ብሞያውያን ዝወሃቦም ምኽርን ሓበሬታን ኣጕዓዒቶም ዕዙዝ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ሽረታይ ብ21 ነሓሰ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ዝወቕዓሉ፡ ወዲ 22 ዓመት መንእሰይ ብበርቂ ከምዝሞተ፡ ደንገዩ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።



## ዜና

# ተሰነይ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ምግታእ ድሑር ልምድታት ክዓዝዝ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ምግታእ ድሑር ልምድታት ክዓዝዝ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ጥዕና'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ጉብረሂወት ተኽስተ ኣዘኻኺሩ።

ተርእዮ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮን መርዓ ትሕተ ዕድመን ኹን መለኡ ስለዘይተቐንጠጠ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ጎስጓሳት ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ንኽዕወት ተራ ኩም ብሓፈሻ፡ ናይ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣመሓደርቲ ከባቢን ድማ ብፍላይ ክሒደል ጸዊዑ።

ኣብ ግዜ ሕርሲ ዘጋጥም ሞት ኣደን ዕሸልን ካብ ሳዕቤናት ክሽፎን መርዓ ትሕተ ዕድመን ምኻኑ ብምግላጽ ድማ፡ ዚ ብሕጊ ዝተኸልከለ ተግባራት ንምግታእ፡ ጸለውቲ ኣካላት ብዕቱብ ክሰርሑ ከምዝዮጎኡ ኣገንዚቡ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ንኡስ ዞባ ተሰነይ መንእሰይ ሓፊዝ መሓመድ ብወገኑ፡ ኣብ ሃገርና ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ብኣዋጅ ቍጽሪ 158/2007፣ መርዓ ትሕተ ዕድመ ድማ ብዓንቀጽ 581 መሲገዊ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ክልኩል ምኻኑ ብምንጻር፡ ኣብዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ዝሳተፉን ዝተሓባበሩን ግቡእ መቕጻዕቲ ከምዝበየሎም ኣጺሩ።

መራሕቲ ሃይማኖት ድማ፡ ምኽንሻብ ደቀኣንስትዮ ብሃይማኖት ቅቡል ከምዘይኮነ ብምብራሁ፡ ኣብ ዘካይድዎ ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮ ጸቕጥም ይገስግሱሉ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእየሱስ፡ ንጥዕና ደቀኣንስትዮ ዝሃሲ ተግባራት ንምግታእ ህዝቢ ዓቢ ክሰርሕ፣ ምምሕዳራት ከባቢን ኣቦርቲ ዓድታትን ድማ ምክትታሎም ከሐይሉ ኣተሓሳሲቡ።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ሕብረተሰብ ከቢድ ሳዕቤናት ዘኸትል ድሑር ልምድታትን ሕማም ዓሶን ንምክልኻል፡ ተሳትፎኦም ከምዘዕዝዙ ኣረጋጊጾም።

# ሃበሮ - ምክትታል ነፍሰ-ጾራት ኣብ ትካል ጥዕና ጽቡቕ ገስጋስ ኣመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ኣብ ትካል ጥዕና ስሩዕ ወቕታዊ ምክትታል ዘጉብራ ነፍሰ-ጾራት፡ ቍጽረን እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ መደበራት ጥዕና፡ ኣጋር ሓካይም፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ከምኡ'ውን ኣካባበርትን ካልኦትን ዝተሳተፍዎ ኣኼቤ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ፊልሞን ጎይትኦም፡ ከም ውጽኢት ዝካየድ ጎስጓሳት፡ ኣብ ትካል ጥዕና ምክትታል ናይ ዝጉብራ ነፍሰ-ጾራት ቍጽሪ ይዛይድ'ኳ እንተሎ፡ ምሉእ 8 ግዜ ምክትታል ዝጉብራ ግና ውሑዳት ስለዝኾና፡ ገና ስራሕ ከምዝድሊ ገሊጹ።

ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2026 ጥራይ 1,838 ኣደታት ኣብ ትካላት ጥዕና ከምዝሓረሳ፣ እተን 29 ሚእታዊት ካብኣተን ድማ ኣብ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ዝጸበራ ምዃነን ብምሕባር፡ ተጠቃምነት መጸበዪ ነፍሰጾራት ካብ ንምባል፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።



ነርስ ፊሊሞን ኣስዒቡ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሃበሮ ጸሊምን ቃርያበልን ብዝተበገሶ ኮምን መንግስትን ክልተ መደበራት ጥዕና ብምውዳደን፡ ንህዝቢ ዘወሃብ ኣገልግሎት ጥዕና ብሓፈሻ፣ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ድማ ብፍላይ ዝሓሸን ውሑስን ኮይኑ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ንጥፈታት ጽሬት ኣከባቢን ምጥቃም ናሙሲያን ብሰፊሑ ክዝውተር፣ ከምኡ'ውን ምእጋድ ተጠቃምነት ትምባኾን ሽጋራን ኣብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ብዕቱብ ክስራሓሉ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃበሮ ኣቶ ፍትዊ ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ ህዝቢ ኣብ ምቕላል ጸገማት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንዘጉብሮ ኣበርክቶ ድሕሪ ምምጓሱ፡ ንዘበለጸ ውጽኢት ዓድታት ክጥርነፉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ 5 መደበራት ጥዕና - ኣብ ፍልፍል፡ ሃበሮ ጻዕዳ፡ ኣፍዓቡን፡ ቃርያበልን ሃበሮ ጸሊምን፣ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ድማ ኣብ ዓሪታይ ብሓፈሻ 6 ትካላት ጥዕና ኣለዋ።

# ነበርቲ ከተማ ባረንቱ፡ ናይ ምግራብ መደባት የካይዱ ኣለዉ

ነበርቲ ከተማ ባረንቱ፡ ሽፋን ሓብቲ ገረብ ከተማኦምን ከባቢኦምን ንምስሳን፡ ብጉጅለታት ተወዲቦም ናይ ምግራብ መደባት የሰላስሉ ኣለዉ።

በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ ጎቦ ኣለሺን ከባቢኡን ብጠቕላላ ኣስታት 49 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ቅናታዊ ዛላ ብሓመድን 1,641 ሜትሮ ኩብ ኩትሪን ክስራሕ ከሎ፡ ልዕሊ 98 ሽሕ ጉድጓዲ ከምእተኻዕተ ሓቢሩ።

ሎሚ ዓመት ክራማት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 108 ሽሕ ኣግራብ ብህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ሓይልታት ምክልኻልን ካልኦት መሻርኽትን ክትከል መደብ'ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ምድንጓይ ዝናብ ዛጊት 32 ሽሕ ፈልስታት ጥራይ ከምእተተኽለ ብምግላጽ፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ንምብዳህ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ተሳታፍነቱ ኣብ መደባት ምግራብን ምክትታሉን ከዕዝዝ ተላቢዩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ኣገዳስነት ገረብ ኣብ ምግታእ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢን ምስሳን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን ብምግንዛብ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ከባቢኡ ናብ ንቡር ንምምላስ፡ ውዳበታቱ ኣሐዪሉ ብውህደት ክሰርሕ ኣዘኻኺሮም።

## መደብ ተለቭዥን

### ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 13:40 | ቀስተ ደበና |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ መዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ኣማራ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ)

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሃለው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሳይዳ |
| 18:30 | ዜና(ትግረ) |
| 19:00 | ብኢጋጣሚ ምጅማር ብሪታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብቐጥታ ካብ ሲነማ ሮማ ክመሓላለፍ'ዩ። |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃን ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
የሲፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጿ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሳኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሚ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጿ. 1284

# መዘናዩ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ኣደነቕቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

• ኣብ 1 ጥሪ 1886፣ መንግስቲ ብሪጣንያ ንታ ኣብቲ ግዜ ኣብ ስልጣን ዝነበረት ንግስቲ ቪክቶርያ ኣብ ዕለተ ልደታ ከም ገጸ በረኸት ከተማ በርማ እዩ ሂቡዋ።

• ፍሎራ መሬይን ጋረት ኣንደርሶንን፣ ምኩራት ብሪጣናውያን ዶክተራት እዮን ነይረን። ሃገረን ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ምስ ኣተወት፣ እጃመን ከበርክታ ተበጊሰን'ኳ እንተ ነበራ፣ ብሰንኪ ጾታአን ኣብቲ ኩናት ክሳተፋ ኣይተፈቕደለንን። በዚ ከኣ ብደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝቖመት ሆስፒታል ከፈታ። ኣብታ ሆስፒታል ከኣ ንኹሎም ግዳያት ናይቲ ኩናት ብዘወፋይነት ይሕግዛ ነበራ። ኣብ መላእ ብሪጣንያ ድማ ኣብ ሓጺር ግዜ እቲ ዝበለጸ ሆስፒታል ኮነ። ኣብ ዝቐጸለ ኣርባዕተ ዓመታት ናይቲ ኩናት ከኣ ንኣስታት 26 ሽሕ ወተሃደራት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክህባ ከኣላ።

• ጃፓናዊ ሂሮ ኦኖዳ ኣብ ግዜ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብ ጃፓን ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ እዩ። በቲ ኣብቲ ግዜ ሓሊፉ ዝነበረ ኩነ፣ ወላ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ይሃሉ፣ ፈጺሙ ኢዱ ከይህብ እዩ ተኣሪሩ። ከምኡ'ውን ገይሩ። ኣብ መወዳእታ ናብ ሃገሩ ክምለስ ከሎ ከኣ ብጅግንነትን ብፍሉይ ክብርን ናብ ሃገሩ ተመልሰ።

• ንግስቲ ኤልዛቤጥ ኣብ ዕብየታ ብዘበሊ. ሽኮር ካብ ምምጋብ እተኣለየ ኩሉ ኣስናና ጸሊም ነበረ።

• ኣብ 1913፣ መራሕቲ ጆሴፍ ስታሊን፣ ኣዶልፍ ሂትለር፣ ሊዮን ትሮትስኪ፣ ጆሲፕ ብሮዝ ቲቶ ኩሎም ኣብ ተመሳሳሊ. እዋን ኣብ ርእሲ ከተማ ኣውስትሪያ - ከተማ ቬና ይቕመጡ ነይሮም።

• ንጉስ ብሪጣንያ ዝነበረ ሪቻርድ ልዮንሀርት ካብቲ ዓሰርተ ዓመት ናይ ንግስነት ግዚኡ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ እዩ ኣብታ ሃገር ኣሕሊፍዎ።

• ኣብ 1812፣ ሃጼይ ፈረንሳ ዝነበረ ናፖልዮን ቦናፓርት፣ 187,600 ኣፍራስ ምስ ሰራዊቱ ሒዙ ናብ ሩስያ ኣተወ። ካብዚኣቶም፣ 1,600 ኣፍራስ ጥራይ ተመሊሶም።



• ክሳብ ሕጂ ብዘሎ. ናይቶም ንጉስ ሞንጎልያ ዝነበረ ጋንጊስ ካሃን ዝወለዶም ቁልዑ ኣይፍለጥን እዩ። እንተ ኾነ ልዕሊ. ሓደ ሽሕ ከም ዝበጽሑ እዩ ዝግመት። ሎሚ ኣብ እዋንዚ. ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ. 200 ሰባት ሓደ ዘርኢ. ጋንጊስ ካሃን ምዃኖም እዩ ዝግለጽ።

• ፕረዚደንት ኣመሪካ ወድሮው ዊልሰንን ብዓልቲ ቤቱ ኢዲትን ኣብ ግዜ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ኣብ ዋይት ሃውስ ኣጣሊ ነበራኦም። ዕላማ ናይዚ. ድማ እቲ ሳዕሪ ጽፋፍ ንክኸውንን ወጻኢታት ጀርዲን ንምንካይን እዩ። ጸጉሪ ናይተን ኣጣሊ'ውን ንቀይሕ መስቀል ክኸውን ብምባል ብሕሰር ዋጋ ይሸየጥ ነበረ።

• ኣብ 1962 ኣብ ታንጋኒካ (ናይ ሎሚ ታንዛንያ) ኣብ እትርከብ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ፣ ምስጢራዊ ለበዳ ሰሓቕ ተላዕለ። እቲ ሰሓቕ ቀልጢፉ ናብ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብተን ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ዓድታት ብምልሓፉ፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ንሓያሎ መዓልታት ሰሓቑ። እቲ ሰሓቕ ንሓያሎ ኣዋርሕ ዝጸንሐን ኣዝዩ ከቢድን ብምንባሩ ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ ተገዲደን እየን።

## ክብሪ ገንዘብ

ኣብ ፈለማ ምጅማር ዓመተ ትምህርቲ፣ ሓንቲ መምህር ኣብ ኢዳ 100 ዶላር ብምሓዝ፣ ንታ ሰልዲ ዝደልያ ተማሃሪ እንተ ሃልዩ ኢዱ ንኣልዕል. ሓፍ ከብል ነገረቶም። "ነዛ ሰልዲ ንዝደለየ ተማሃራይ ክህቦ እየ፣ መጀመርታ ግና ከምዚ. ትዕዝብዎ ክገብራ እየ" ብምባል ነታ ሰልዲ ኣብ ክልተ ኣእዳዋ ብምእታው፣ ዓጸፈታን ቀርጸ ኣበላሸወታን።

ሕቶኣ ብምቕጻል፦ "ሕጂ ነዛ ገዝብ ዝደልያ ኢዱ ሓፍ የብል"፣ ሕጂ'ውን ኩለን እተን ኣቐዲማ ዝረኣየተን ኣእዳው ንኣልዕል. ሓፍ ኢለን ረኣየተን።



ቀጺላ ነታ ሰልዲ ኣብ መሬት ደርቢያ፣ ብእግራ ብምርጋጽ፣ ሕብራ ከም ትቕይር ገበረታ። ድሕሪዚ. ካብቲ ዝነበረቶ ኣልዒላ፦ "ሕጂ'ኸ ነዛ ዝረስሐትን ዝተበላሸወትን ሰልዲ ዝደልያ ኣሎ ዶ" በለት፣ እተን ኣእዳው መሊሰን ንኣልዕል. ሓፍ ኢለን ረኣየተን።

ቀጺላ ናብ ተማሃሮኣ ብምጥማት፦ "ተማሂሮ ካብዚ. ሓደ ነገር ተማሂርኩም ክትከዱ ተስፋ እገብር። እታ ሰልዲ ወላ ትበላሸን ብርስሓት ሕብራ ትቕይርን ንምውናና ዘለኩም ድሌት ኣይጎደለን። እታ ሰልዲ'ውን ወላ ትተዓጸጸን ትርሳሕን 100 ዶላር ምዃና ኣይተረፈትን። ስለዚ፣ ኣብ ህይወትና'ውን ከምኡ እዩ፣ ወላ ብሰባት ንዓቕ፣ ንደርበን ብሰንኪ. ዘጋጥመና ሸግራት፣ ርእሰ ምትእምማን ዝጎደለናን ኣበሰ ምትሓት ዘለናን ሰባት ንኸውን፣ ሰባት ምዃንናን ዘለና ክብርን ግን ኣይጎድልን እዩ። ነዚ. ድማ ብዙሮጻእ ክስትውዕሉን ክንመሃረሉን ኣለና። እቲ ምንታይ ከላትና ደቂ ሰብ ፍሉያት፣ ኣደናቕትን ክብሪ ዘለናን ኮይንና ስለ እተፈጠርና እዩ" ብምባል ንተማሃሮኣ ጸቡቕ ትምህርቲ ኣቕሰመት።

## ባህርያት ኑብሶም ዘፍቅሩ ሰባት

1. ኑብሶም ምስ ካልኦት ሰባት ኣየወዳድሩን እዮም። ኣብ ዘርያኻ ምስ ዘለዉ. ሰባት ምውድዳር ጽቡቕ'ኳ እንተ ኾነ፣ ምስ ዝበዝሐ ግና ሓደገኛ ምዃኑ ስለ ዝርድኡ፣ ኣየተግብርዎን እዮም። ምስ ኑብሶም ብምውድዳር ንዝበርዎም ሕሉፍ ጌጋታትን ድኽመታትን ኣዐርዮም ካብ ትማሊ. በሊጾም ክረኣዩ ዝፍትኑ እዮም።

2. ብዛዕባ ርእይቶ ሰባት ኣይጭነቑን እዮም። ንኹሉ ሰብ ክተሐጉስ ከም ዘይከኣል ስለ ዝርድኡ፣ ነቲ ክገብርዎ ዝኽእሉ ሓሳባት ጥራይ እዮም ዝወስዱ።

3. ኑብሶም ጌጋታት ክትፍጽም ዘፍቅዱላ እዮም። ኩሉ ግዜ ጌጋታት መናብርቲ ሰብ ምዃኑ ተረዲኦም ካብኡ ክእረሙ ይፍትኑ እምበር 'ክይጋገ' ብዙበል ኣተሓሳስባ ንኑብሶም ጨቒኖም ኣይሕዝዎን እዮም።

4. ናቶም ክብሪ ኣብ ደጋዊ መልክዕ ዝምርኮስ ከም ዘይኮነ ይፈልጡ እዮም። መለክዒ. ክብሮም ኣብ ደጋዊ ገጽሮም ኑብሶም ዘትሕቱ ዘይኮኑ፣ ብዘለዎም ውሽጣዊ ጸባይ ዝተኣማመኑ እዮም።

5. ኣብ ህይወቶም ዝጸድልዮም ሰባት ካብ ምእላይ ኣፈርሑን እዮም።

6. ውሳኔታት ኣብ ዝወስኑሉ ግዜ ኣብ ኑብሶም ምትእምማን ኣለዎም።



7. ንኑብሶም ለዋሃት እዮም። እቲ ንኑብሶም ክገብሩላ ዝኽእሉ ነገራት መጀመርታ ንኑብሶም እምበር ንኻልኦት ሰባት ኣይገብሩን እዮም።

## ወነንቲ ምሉእ ጥዕና ንምኳን . . .

ወነንቲ ምሉእ ጥዕና ንኽንከውን ክንገብሮም ዘይብልና ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ሓደ ካብኡ፣ ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ ኣካላትና ክንሓርቕ ይኹን ክንገሃ. የብልናን። ሕርቃን ሓደ ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ሕማም እዩ። ኑብስና ከም ዝጸላእና መረጋገጺ.'ውን እዩ።

ዋህዮታት ኣካላትና ኩሉ ብዛዕባ ኑብስና ንሓስቦ ነገራት ኣፍልጦ ኣለዎም። ብዘይካ'ዚ. ኣካላትና ባዕሉ ንኑብሱ ከመይ ገይሩ ክፍውስ ከም ዝኽእል ይፈልጥ እዩ። ጥዕናኡ ዘተረጋግጸ መገበ፣ እወታዊ ኣተሓሳስባ፣ ምንቅስቓስ ኣካላትን እኹል ድቃስን እንተ ሂብናዮ ስራሕ ናይቶም ዋህዮታት ቀሊል ይኸውን። እዚ. ምስ እንገብር ኑቶም ዋህዮታት ስራሕ ነቕልለሎም ኣለና ማለት እዩ። ጥዑያት'ውን ይኾኑ።

ብዛዕባ ሕማምና ብምሕሳብና ወይ ምዝራብና ጥዕና ክንረክብ ኣይንኽእልን ኢና። ጥዑይ ጥዕና ንኑብስና ብምፍቃርን ብምምስጋንን እዩ ዝመጽእ። ንኑብስና እቲ ዝዋርእ ፍቕሪ ንለግሰሉ። ካብ ክፋል ኣካላትና ዝሓመመ ምስ ዝህልወና፣ ልክዕ ከምቲ ንዝሓመመ ህጻን ወሊድና ንገብሮ ምክንኻን ንግበረሉ።

ሓደ ሓደ ግዜ ንኣካላትና ብሰንኪ. ሸለልትነት ከምቲ ዝግባእ ክንከኖ ኣይንገብረሉን ኢና። ኣካላትና ባዕሉ ክንገብሮ ዘይብልና ነገር ይነግረና እዩ፣ ጥራይ ግዜ ሂብና ንስምዖ። ከምኡ'ውን ዋህዮታትና ንፍሲ. ወከፍ ንሓሰቦን ንዛረቦን መልሲ. ይህቡሉ እዮም። እዚ. ድማ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን ቃላትን ኣብ ኣካላትና ጽልዋ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ጸዋግ ገጽ ዘለዎ ሰብ ዘሐጉስ ወይ ፍቕሪ ዝመልኦ ኣተሓሳስባ ክህልዎ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ. መታን ወነንቲ ምሉእ ጥዕና ክንከውን ኣካይዳ ህይወትና ካብ ዕረ ዝበለጸ እዩ። ፈውሲ. ንሕማምና ዝኸውን ጽቡቕ ወይ እወታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝዕብል ዝበለጸ እዩ።

ቃላትና ኣዚና ክንጥንቀቐሎም ይግባእ፣ ምኽንያቱ ቃላትና ወጽኢት ኣተሓሳስባና ስለዝኾኑ። ኣሉታውያን ቃላት ንዛረብ ሰባት፣ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክህልወና ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህልወና፣ እወታውያን ቃላት ኢና ንጥቀም። እዚ. ድማ ኣብ ጥዕናና ዓቢ. ግደ ኣለዎ።

እዚ. ንምግባር ክንጥቀመሎም ዘለና ቃላትን ክንትግብሮም ዘለና ነገራትን–

• እቶም ንጥዕና ኣገደስቲ ዝኾኑ መግብታት ብዙሮጻእ ክትምገቦም ኣለኻ።




• ኩሎም ክፋላት ኣካላትካ ብዙሮጻእ ኣፍቅሮም፣ ብእኦም ድማ ዕጉብ ኩን።

• ነዊሕ ዕድመ ከም ትነብር ብምእማን ካብ ሕጂ ንኹሉ ክፋል ኣካላትካ ጥዑይ ንክኸውን ብዙሮጻእ ተኸናኸኖ።

• ኩነታት ጥዕናኻ ክተመሓይሽሉ ትኽእል መገድታት ሃሰው ካብ ምባል ኣይተቋርጽ።

• ግዜኻ ንስራሕ፣ ዕረፍቲን ምስ ስድራቤትካ እኹል ግዜን ንምሕላፍ፣ ብጥዕሪ ክትመቓቕሎ ፈቲን። እዚ. ንኣእምሮኻን ኣካላትካን ጽቡቕ ስምዒት ኣብ ምሃብ ዓቢ. ተራ ክህልዎ እዩ።

• ሎሚ ብህይወት ብምህላውካ ንመዓልትኻ ብምስጋና ጀምሮ። "ነዛ ኣደናቒት መዓልቲ ክትበራ ብምኽኣለይ ሕጉስ እየ"በል።

• ብዝተኻእለ መጠን ንህይወትካ ኩሉ ዘድልያ ነገር ከተማልኣላ ጽዓር።

• ንኹነታት ጥዕናኻ ዝምልከት ነገራት ንምግባር ኩሉ ግዜ ድሉው ኩን።

• ንኣእምሮኻ ደስ ብዘብሉ ኣተሓሳስባታት ምምላእ ዝበለጸ መንገዲ. ጥዕና ምዃኑ ብምእማን ካብ ምትግባሩ ድሕር ኣይትበል።

• ገለ ካብ ግዜኻ ንጸገማት ኣብ ምሕጋዝ ኣሕልፎ፣ እዚ. ደስ ዘብል ስምዒት ንኽህልወካ ሓጋዚ. እዩ።



ኣከባቢ







# ሳዕቤናት ብከላ ኣየር

ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባቢን

ካልኣይ ክፋል

ኣከባብያዊ ጽልዋ

ብከላ ኣየር ኣብ ስርዓት ኣከባቢ ዘውርዶ ዕንወት ምርድኡ/ምፍላጡ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ከም'ቲ ኣብ ጥዕና ሰብን ድሕነት ኣከባብን ዘስዕቦ ሃሰያ ክትልክዖን ብፐንዙብ ክትትምኖን ግን ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ኣጸጋሚን እዩ። መርዛማት በከልቲ ኣየር ኣብ ከባብያዊ ኣየር ምስ ዝሕወሱ ኣሲዳዊ ዝናብ ከምኡ'ውን ኣብ ጽፍሒ መሬት ሓደገኛ ክስተት ናይ ኦዞን ክፈጥሩ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ክስተት ምስ ዚጋጥም ድማ ኣግራብ፡ ኣዝርእትን እንስሳታትን ከህልቕ ከምኡ'ውን ምንጪ ማያት ብቐጻሊ ብቖጻሪ ብቐዓቶም ብምብልሻው ንሰብ ይኹን ኣብኡ ንዘምርከሱ ወይ ንዘኮብሩ እንስሳታትን ኣትክልትን ከም ዝህሰዩ ይገብር። ብሰንኪ ምውሳኽ ዓለማዊ ሙቐት፡ ዘጋጥም ዘሎ ምዝንባዕ/ምምዛባል ክሊማ ሓደ ካብቶም ሓደገኛ ክስተት ሳዕቤናት ብከላ ኣየር ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዓለምና ብዘይተጸበዮቶን ቅልጡፍን ኩነታት ክትሳቐ ንዕዙብ ኣለና።

ምድራቕ ኣፍላጋት፡ ምጽናት/ምብራስ ኣግራብን እንስሳታትን፡ ምንቅልቓል ሕርሻዊ እቶት፡ ደርቒ፡ ምዕናው ሰፈራታት፡ ባርዕ ሜካታት ተርእዮ ሓደሰቲ ባልዓትን ተመሓላልፍቲ ሕማማትን ከም ዓሶ፡ ደንጊ (ዌል ካም) ውጽትን ሽሮኽን ብተዓጻጻፊ ምውሳኽ፡ ምምካኽ ኩምራታት በረድን ምውሳኽ ጽፍሒ ባሕሪን ብከላ ኣየር ዘጠንቀም ዓላማዊ ስግኣታትን ሓደጋታትን እዮም። ሙብዝሕትኦም እዞም ዓበይቲ ኣከባብያዊ ብድሆታት እዚኦም፡ ጠንቀም እቲ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዓለም ዘሎ ኢንዱስትሪ ምዕባለ ዝፈጥሮ ዓቕሙ ዝሓለፈ ብከት ናይ ዝተፈላለዩ ጋዛት'ኳ እንተኾነ፡ ዝያዳ ግዳያት ግን ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እየን። እዚ ድማ ምስቲ ዘሎ ትሑት መካብሮን ንዚጋጥሙ ዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ ጸገማት ንምፍዋስ ዘድሊ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዘይምህላውን፡ ዝበዝሐ ግዜ ልዕሊ ዓቕመንን ኣብ ትጽቢት ወጻእን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መካብሮ ሕብረተሰባት ዝተፈላለያ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ከቢድ ጸቕጢ ፈጢሩ ይርከብ። ሽሕ እኳ ዝውሰዱ ዘለዉ ኣገባባት ብዓቕመን ደሓን እዩ እንተተባህለ፡ ኑቲ ነገር ኣብ ምፍኻስ ይኹን ምግታእ ግን ክሳብ ሕጂ ኣይተኻእለን። ነዚ ድማ ዝያዳ ከቢድ ዝገብሮ መብዝሕትኡ ስግረዶባዊ ማለት ካብ ዝይትፈልጦ ወይ ዘይትግምቶ ተበጊሱ ሳዕቤን ዘምጽኣልካ ምኻኑ እዩ።

እዚ ቀንዲ ዓለማዊ ሳዕቤን ኮይኑ ዘሎ፡ ሃገራት ንምብድሁ ሓደ ካብ ዝወሰደኦ ተበግሶታት፡ ነዚ ጸገም ንምጉዳል ወይ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ዝተፈላለዩ ኣከባብያዊ ውዕላትን ስምምዓትን ምኽታም እዩም። እዞም ዝተፈላለዩ ስምምዓትን ውዕላትን ኣብ ምጉዳል ኣከባብያዊ ሳዕቤናት ጽልዋ እኳ እንተገበሩ፡ ነባሪ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ግን ብዙሕ ዝተርፎም ኮይኖም ኣሎው። እቲ ኣብ ሕብረተሰብ ብግዜ ዝረአ ዘሎ ንቕሓትን ኣፍልጦን ግን ተወሳኺ ናህሪ ብምፍጣር፡ ኑቲ ዝግበር ዘሎ ተበግሶታት እወታዊ ድፍኢት ይገብረሉ ኣሎ።

### ማሕበረ ቁጠባዊ ጽልዋ ብከላ ኣየር

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብከላ ኣየር ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባብያዊ ጸጋታትን ዘውርዶ ዕንወት ቀሊል ከምዘይኮነ ንምርዳእ ኣየጸግምን። ጥዕና ዘይብሉ ሰብ ኣብ ርእሲ'ቲ ንመፈወሲኡን ዝተፈላለዩ ዝግበር መርመራታትን ተባሂሉ ብቐጻሊ ዝግበር ወጻኢታት ዝፈጥሮ ናይ ናብራ ጸቕጢ፡ ኣፍራይነቱን ኣታዊታቱን ብእኡ መጠን ስለዝጎድል ኣብቲ ተሓካምን ስድራቤቱን ከምኡ'ውን ኣብ ሃገር ዝፈጥሮ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገም ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ብከላ ኣየር ዓመታዊ ናይ ቢልዮናት ዶላራት ዋጋ ዝግመት ምንቁልቋል ፍርያት ሕርሻ፡ ዕንወት ትሕተ-ቅርጺ፡ ምድኻምን ምጽናትን እንስሳ ዘገዳምን ምብራስ ኣግራብን ወዘተ የስዕብ። እዚ ክሳራ'ዚ ኑቲ ሰባት ብሰንኪ ብከላ ንመሐከሚኦምን ካብ ስራሕ ብምብኳርም ዘወርድ ቁጠባዊ ሃሰያታትን ከይሓወስካ'ዩ። ኣብ 2013 ብምትሕብባር ዓለማዊ ባንክን ትካል ጥዕና ህንድን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘጠቕሶ፡ ኣብቲ ዓመት 8.5% ካብ ጠቕላላ ጃምላዊ እቶት ናይታ ሃገር ብብከላ ኣየር ንዘሰዕብ ሕማም መፈወስን ምስኡ ኣብ ዝተኣሳሰርን ጥፊኑ። ብተወሳኺ ኣብ 2016 ብውድብ ጥዕና ዓለም ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ ድማ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብከላ ኣየር ዝጠንቀም ሕማማት ንምፍዋስ ዓመታዊ ልዕሊ 15 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ይግበር። ክንደዚ ዝኣክል ባጀት ኣብ ካልእ ናይ ልምዓት መደባት ውዒሉ እንተዝኸውን ንምግማት ዘየጸግም ዓቢ ውጽኢት ዘለዎ ስራሕ ክዕመም ምተኻእለ ነይሩ።

ኣብ ሃገርና እውን ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ብዓይንና ዝረአ ኣዝዩ ዘኽፍእ ብከላ ኣየር'ኳ እንተዘይሃለወ፡ ካብ ብከላ ነጻ ኢና ንምባል ግን ኣየደፍርን። ምኽንያቱ ኣብ መዓልታዊ ንብሮም ምንቅስቓስ ከም ንዕዘቦም ንኣብነት ምቅጻል ጐሓፋት፡ ካብ ዝኣረጋ ተሽከርከርቲ ዝወጽእ ትኪ፡ ዘቤታዊ ጸዓት ክንጥቀም ወዘተ ዝበንኑ በከልቲ ጋዛት ይረኣዩ እዮም። እዞም በከልቲ ጋዛት ብመንጽር ናይ ካልኦት ሃገራት ብከላ የለን ኩብል ይኽእል፡ እንተኾነ ብከላ የለን ዘሰምዕ ኣይኮነን።

ብመንጽር እዚ፡ ኣብ ሃገርና'ውን መጠኑ ዝፈላለ'ኳ እንተዘይኮነ ካብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ጸገማት ሓራ ክንኸውን ስለዘይንኽእል ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዝሳተፍዎ፡ ጥዕናዊ፡ ኣከባብያውን ማሕበረ-ቁጠማዊ ጽልዋታት ብከላ ኣየር ብዕምቆት ንምርዳእ ዘኽእል ሰፊሕ መጽናዕቲ ክግበር ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ምስ ዝግበር ድማ ኣብ ሓቀኛ ሓበሬታ ዝተመርኩሰ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣዝዩ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

ኩነተ ብከላ ኣየርን ንሱ ዝመበገሲኦም ጥዕናዊን ኣከባብያውን ጸገማትን ንምርግጋጽ ኣብ ናይ ዝተናወሐ ግዜ ዝተገብረ ዳታን ሓበሬታን ዓሚቝ መጽናዕቲ ከምዝሓትት ርዱእ ኮይኑ፡ እኹል ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን መከታተሊ መሳርሒታትን ምዕጣቕ ኣገዳሲ እዩ።

ብደረጃ ሚኒስትሪ፡ ነዚ ጸገማት ንምልላይ ዝሕግዝ መሳርሒታትን ንኩነተ ብከላ ኣየር ኩተማ ኣስመራ ንምጽናዕ ዘገልግል መሳርሒታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣስመራ ተኺሉ ይርከብ። እዘን መሳርሒታት ንዝተፈላለዩ ጋዛት ማለት ካርቦንዳይኦክሳይድ፡ ሳልፈር ዳይኦክሳይ፡ ወዘተ. ዝዕቅና ኮይነን፡ እቲ ዝእኩብ ዘሎ ዳታ ኣብ ምምስራሕ ከም ዝርኩብ፣ ናይ ዝተፈላለዩ ዓመታት ገምጋም ብምውሳድ ድማ ኩነተ ብከላ ኩተማ ኣስመራ ንምግምጋም ክሕግዛ እየን። እዚ ኣብ ኩተማ ኣስመራ ከም መበገሲ ተወሲዱ ዘሎ፡ ኣብ ካልኦት ኩተማታት ንምትእትታውን እውን ኣብ መስርሕ ይርከብ ኣሎ።

### ተበግሶ ምጉዳል ብከላ ኣየር

ምስ ህሉው መካብብሮን ዘይዓግብ ሸውሃት ደቂ ሰብን፡ ብከላ ኣየር ፍጹም ንምጥፍኡ ዘይከኣል'ኳ እንተኾነ ንምጉዳሉ ግን ቡብደረጃኡ ዝተፈላለዩ ስጉምትታት ምውሳድ ይከኣል። ብከላ ኣየር ዶብ ዘይፈሊ ብምኻኑ ንምግትኡ ዝተወሃሃደን ቀጻሊን ዝኾነ ዓለማዊን ዞባውን ሃገራውን ጻዕሪ ይሓትት። ነዚ ሓቂ ብምርዳእ ድማ ሃገራት ኑቲ ዝወሰድ ስጉምቲ ኣድማዒ ንምግባሩ ዝተፈላለዩ ውዕላት ኣጽዲቐን ይሰርሓሉ ኣለዋ። ውዕል ምምካት ክሊማዊ ለውጢ፡ ውዕል ምዕቃብ ቀጸላ ኦዞን፡ ውዕላት ምሕደራ ሓደገኛ ከሚካላትን ጐሓፋትን ምጥቃስ ይከኣል። ልዒሉ ዝተጠቕሰ ጠንቅን ሳዕቤናትን ግዳማውን (out-door) ውሽጣውን (indoor) ንምቅላስ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ 2015 ብከላ ኣየርን ሳዕቤናቱን ንምግታእ፡ መርሓ ጽኑዕ ውሳነ ባይቶ ጥዕና ዓለም (World Health Assembly Resolution) ኣጽዲቑ ኣሎ። ኣብ 2016 ድማ ኣባል ሃገራት 4 ቀዳምነታት ትግባረ መደብ ዝሓቐፈ መርሓ-መንገዲ (road map) ኣጽዲቐን።

ካብ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ውሳነ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎ።

1. ምስፋሕ ግንዛበ ጽልዋታት ብከላ ኣየር ኣብ ጥዕና ደቂ ሰብ
2. ምስ ብከላ ኣየር ዝዛመዱ ዕላማታት ናይ ሽቶታት ውሑስ ምዕባለ ኣመታትን ገሲጋስን ጥዕና ምቁጽጻርን ጸብጻብ ምቕራብን
3. ጽላት ጥዕና፡ ጥዕናዊ ረብሓታት ምጉዳል ብከላ ኣየር ተባሂሎም ናይ ዝውሰዱ ስጉምታት ንምጉሳጓስ ድርኺት ምፍጣር
4. ሓደገኛ ጥዕናዊ ጽልዋ ብከላ ኣየር ብኣድማዕነት ንምምካት ዓቕሚ ጽላት ጥዕና ምጉልባትን ምሕያልን

ብተወሳኺ ዝያዳ ክሰፍሕን ቀጻልነት ብዘለዎ መንገዲ ክስርሓሉን ዝግባእ'ኳ እንተኾኑ፡ ብከላ ኣየር ኣብ ምግታእ እወታዊ ኣበርክቶ ዘለዎም ፍርያት ቴክኖልጂ ማዕቢሎምን ኣብ ግብሪ ውዒሎምን እዮም። ምምዕባል ትኪ ኣልቦ መሳርሒታት፡ ምምዕባል ተተካእቲ ጸዓትን ብእኡ ዝዓዩ መሳርሒታትን፡ ምትእትታው ምዕቡል/ውርጹጽ ስርዓት ምሕደራ ጐሓፍን ምጥቃስ ይከኣል።

ነዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ቴክኖሎጂ፡ ህዝቢ ክጥቀመሎም ንምትብባዕን ንምድራኽን ምምዕባል ተረርቲ መቆጻጸሪ ሕግታት፡ ስሩዕን ውህሉን ስርዓት ሓበሬታ ምውዳድ፡ ምትእትታው ጉዳይ ኣከባብያዊ ብከላ ኣብ ስርዓት ትምህርትን ሰፊሕ ሱታፌ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዕድመ ዝርከቡ ንምምርግጋጽ ኣድማዕቲ መጉሳጎሲ መደባት ምስራዕን ምትግባርን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎም።




ኣብ ሃገርና'ውን ልዒሉ ከምዝተገልጸ ዘሰክፍ ብከላ ኣየር'ኳ እንተዘይሃለወ፡ ኣብ ምጉዳሉ ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎም መደባት ኣብ ምትግባር ይርከቡ። ምትእታታው ህዝባዊ መጓዓዝያ (ኣውቶቡሳት ኩተማ)፡ ምዝርጋሕ መንገዲ ኣድሓንነት ኣብ መላእ ሃገር፡ ምትእትታውን ምዝርጋሕን ጸሓያዊ ጸዓት፡ ልዑል ተጠቃምነት ብሽክሊታ፡ ምትእትታው ዝተፈላለያ ዓይነት ጐሓፍ ዳግም ዘመስርሓ ትካላት ከም ፕላስቲክ፡ ወረቐት፡ ዘገልገለ ዘይቲ ሞተረን ካልኦት ዝምሽምሹን ዘይምሽሙሹን ጐሓፍ ዝምስርሓ ትካላት ምጥቃስ ይከኣል። ንኣብነት ከም ትካል ናሽናል ፕላስቲክ ፋብሪካ፡ ኮኾብ ፕላስቲክ ፋብሪካ ወዘተ ምጥቃስ ይካኣል።

### ገለ ካብ ሓቅታት ሳዕቤናት ብከላ ኣየር

1. ልዕሊ 99% ካብ ህዝቢ ዓለም ካብቲ ብደረጃ ውድብ ጥዕና ዓለም ዘቐመጦ ወጻኢታት ኣየር የተንፍሱ፡
2. ዝተበከለ ኣየር ምስትንፋስ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ዓመት ናይ ሰባት ዕድመ የሕጽር፡
3. ናብ ኣየር ዝፍነዉ ዓብሎኾቲ ካብቶም ናብ መሬትን ማይን ዝፍነዉ ዝያዳ ጉዳእቲ እዮም፡
4. 8.5% ካብ ጃምላዊ እቶት ሃገረ ህንዲ ኣብ ምፍዋስ ብከላ ኣየር ዝጠንቀም ሕማማት ምብኻኑ፡
5. ኤውሮጳዊ ሕብረት ብሰንኪ ብከላ ኣየር ናይ ዝስዓበ ሞት 161 ቢልዮን ዩሮ ምኽሳሩ፡
6. እቶም ዝበለጹ ሜላታት ምንካይ ብከላ ኣየር ብእግሪ ምጉዓዝን ብሽክሊታ ምጥቃምን ምዃኖም፡
7. ምፍራይ ሓፈስ ዘይተጻረየ ነዳዲ ዘይቲ ዘስዕቦ ብከላ ካብ ምፍራይ ቀጢን ወይ ፈኪስ ነዳዲ ዘስዕቦ ብ40% ይዓቢ ምዃኑ ምፍላጥ፡





# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት፡ ካብ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ዝኾነ ክፍሊ ቀጠባን ኣብ ትሕቲኡ ዝመሓደር ዝነበረ ኮሚሽናት ሕርሻ፡ ህንጻ፡ ፋይናንስ፡ መፍረ መድሃኒት፡ መጕዓዝያን ምስናዕን ርኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ድማ፡ ብዞዕባ'ተን ተሪፈን ዘለዋ ሰለስተ ኮሚሽናት ማለት ኮሚሽናት ስንቂ፡ ንግድን ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነትን ክንርኢ ኢና፦

### 6ይ ክፋል

### 1. ኮሚሽን ስንቂ

ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ ፈለማ መድረኽ ናይ ቃልሱ፡ ብዘይካ ኣብ ኢድ ነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ዝተሓዝ ሒደት ስንቂ፡ ካልእ ዘይነበረሉ መሪር እዋናት ጥምየት ኣሕሊፉ እዩ። መጥቃዕትታት ተ.ሓ.ኤን ኢትዮጵያን ኣፍሺሉ ኣብ ገረግር መዓስከር ምስ ኣቘመ ከኣ፡ ንቐጠባ ናይቲ ወድብ ዘመሓድር ኣካል ተመዘዘ። ብመንገዲ'ቲ ኣብ ቅሮራ ዝነበረ ዕጥቅን ስንቅን ዝከታተል ወኪል፡ መግብን ካልእ ዘድሊ ነገራትን ናብ ሜዳ ብኣግማል ክመላለስ ጀመረ። ዝመጸ መሻርፍ ተቐቢሉ ዝዕድል ኣካል ምዕዳል፡ ዕማማት ምግዛእ ዘሳልጥ ኣካል ምዕዳግ፡ ቅርጺ ክሕዙ ጀመሩ። ንነፍሲ ወከፍ ኣሃዱ ብቐጻሪ ሰባ መቐነን እናሰልዐ ንኽልተ ሰለስተ መዓልቲ ዘጽንሕ ስንቂ እናዓደለ ከኣ ንጥፈታቱ የካይድ ነበረ።



ስንቂ ተጋዳላይ ኣብ ትሕቲ ኣግራብ

ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ዝሰፍሓ ከባቢታት ኤርትራ ክዝርጋሕ ምስ ጀመረ፡ ውዳብ ዕጥቅን ስንቅን ማዕረኡ እናዓበየን እናሰፍሐን ከደ። መፋርቕ 1970ታት ብዙሕ መንእሰይ ናብ ሜዳ ዝውሕዘሉ ዝነበረ መድረኽ'ዩ። በዚ ድማ፡ ጠለባት መግቢ ናይዚ ገዚፍ ቍጽሪ ንምምላእ መጥሓናት ክተኽል ጀመረን ኣካል መጥሓን ተመስረተን። ኣብ ታሕሳስ 1975 ከኣ፡ ኣብ ማህሚመት፡ ሩባ ዒንን ፎሮን ሕሩጭ ዘዳልዋ መጥሓናት ተተኽላ። ጎድኒ-ጎድኒ ምዕባለ ናይቲ ውድብ ዓቕሙ እናዓበየ ብምኻዱ፡ እቲ ኣብ ፈለማ ብመጽዓኛ ጥራይ ዝካየድ ዝነበረ ምጕዕዓዝ፡ ኣብቲ ዝሰዓበ መድረኽ ብመካይን ተተኪኡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ንጥፈታት ክኸውን በቒዑ።

ኣካል ምዕዳግ ካብ ሱዳንን ካልኦት ሃገራትን ገዚኡ ዘምጽኦ ስንቅን ንበረትን፡ ኣካል ምዕዳል ኣብ ዝሃነጾ ዓበይቲ ናይ ትሕተ-መሬት መኽዘኖታት ይኽዘን ነበረ። ካብኡ ድማ፡ ናብ ኩለን ኣካላት ውድብ ይከፋፈል። እቲ ጥረ እኽሊ ከኣ፡ ብኣካል መጥሓን ተጣሒኑ ይዕደል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ደጀን ሳሕል ዝካየድ ዝነበረ ምዕቡል



ካብ ሱዳን ናብ ሜዳ ዝጓረት ዝበረ ኩምራ እኽሊ

ዝተፈላለዩ ንህዝቢ ዘድልዩ ሃለኽቲን መሳርሒታትን ተቐቢሉ ናይ ምዝርጋሕ ዕማም የካይድ ነበረ። ምስቲ ዝነበረ ኩነታትን ናይ ጸላኢ ኣዕናዊ



ካብ ሱዳን ናብ ሜዳ ስንቂ ዝጓርታ ዝበራ ማርቸድሳት (ኣይታት)

ንጥፈታት፡ ኣብ ድሕሪ መስመር፡ ዝጣን ከበሳ ደቡባዊ ምዕራብ፡ ሰሜንን ሰሜናዊ ባሕርን ስንቅን ንበረትን ንምብጽጻሕ ብጕዕዞ እግርን ኣግማልን ዕረፍቲ ዘይህብ ስራሕ ይዕመም ነበረ።


ተግባራትን፡ ህዝቢ መሰረታውያን ቀረባት ስኢኑ፡ ኣብ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ንኸይወድቕ እዚ ኮሚሽን'ዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝመጽኡ ሃለኽቲ፡ ብዘይ መኽሰብ ወይ ብኣዝዩ ውሑድ መኽሰብ ከም ዝሸየጡ ንምግባር ጻዕርታት የካይድ ነይሩ።

### 2. ኮሚሽን ንግዲ

ዕዳጋታት ንግዳዊ ንጥፈታት ደረኽቲ ቍጠባዊ ዕበየትን ምንጪ እቶትን ከም ምኻኖም መጠን፡ እዚ ኮሚሽን'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈረዩ ኩነ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝኣትዉ

ኣብ ርእሲ'ዚ ኮሚሽን ንግዲ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ንግዳዊ ንጥፈታት ንምብርባርን ንምዕባይን ሕግታትን መምርሒታትን ብምውጻእ ትግባረኡ ይከታተልን ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህባ ናይ ብሕቲ ትካላት ተኸፊተን ክዕብያ የተባብዕን ነበረ። ብሰንኪ ኩናት ዝዓነወ ቍጠባ ንምሕዋይ ከኣ፡ ኮሚሽን ንግዲ፡ ኣብ ዋጋታት፡ ቀረጽ፡ መኽሰባት፡ ተኽእሎታት ንግዲ እታውን ሰደድን፡ ዕዳጋታት መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ቍጠባ ሃገር ንምብርባር ዘኽእሉ ተበግሶታት ወሲዱ እዩ።

### 3. ኮሚሽን ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት



ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና ድሕሪ መፋርቕ 80ታት


እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ፡ ቀጠባውን ትሕተ-ቅርጻውን መደባት ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ንምትግባርን ንምዕባይን ብስነ-ኪነት ዝሰልጠኑ ሞያውያን ንኸፍሪ ብ1985 ስርሑ ጀመረ። ክሳብ ፈለማ ናጽነት ከኣ፡ ኣናይ ሰለስተ ዓመት ትምህርቲ ብምሃብ፡ ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ህዝባዊ ግንባር ሞያዊ ዓቕሚ ሰብ ከዋፍር ክኢሉ እዩ። ብሓሙሽተ ዓውድታት ከኣ፡ ተማሃሮ የሰልጥን ነበረ።

---

## ካብ ሰነዳት ስእልታትና

እዞም እንርእዮም ዘለና ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ገድሊ ኩብዶም ብጥሙዩን ጎረሮኦም ብንቑጹን፡ ምእንቲ ብጾቶም ከርውዩን ክዕንግሉን ክብሉ፡ ካብቲ ኣብ እግሪ ናይቲ በረኽቲ ጎቦታት ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ናብ ዝባን ናይ'ቲ በሪኽ ጎቦ 'ታባ መግዛእቲ' ነናይ 20 ሊትሮ ጀሪካን ማይ ተሰኪሞም'ዮም ነቲ ተሪር ዓቐብ ዝድይቡ ነይሮም። እዚ ድማ ውግእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንህላወኻ ክትብል መዓልታዊ ብተረኛታት ብኸምዚ ኣብ ስእሊ ንርእዮ ዘሎና ንዓመታት ከም ሓንቲ መዓልቲ ጕዕዞ ንናጽነት ብጽንዓት ቀጺሉ።

ሰኣላይ ናይዛ ስእሊ ኣባል ሚኒስትሪ ዜና ተጋዳላይ ሰለሙን ኣብርሃ ኩይኑ፡ ካብቶም ንርእዮም ዘለና ኣርባዕተ ተጋደልቲ እቲ ቀዳማይ ወዲ ኢማም ኣብቲ ዝቐጸለ ሓርነታዊ ቃልሲ ብጅግንነት ተሰዊኡ'ዩ። እቶም ዝተረፉ ሰለስተ ጀጋኑኸ፣ ብዛዕብኦም ዝፈልጥ ወይ ኣነ'የ ወይ እከለ'ዩ ወይ ኩሎም ተሰዊኦም ወይ ኣለዉ ዝብል እንተሎ፡ ናብ ዓምዲ ካብ ታሪኽ ሰውራና ሓበሬታ ክሰደልና ንምሕጽን።



ተጋዳላይ ንመዓልታዊ ህይወቱ ካብ ርሑቕ ማይ እናጓረተ

---

## ሕቶታት ካብ ታሪኽ ሰውራና

1. ድሕሪ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግ. ብቐጥታ ሓራ ዝወጸት ከተማ ጥቐስ፤

2. ኣብ ሓደ ወርሒ ነሓሰ 1977 ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሓረራ ከተማታት፤

ሀ/ ተሰነይ፡ መንደፈራ ለ/ተሰነይ ኣቑርደት ሐ/ መንደፈራ ድባርዋ መ/ መንደፈራ ዓዲ ኳላ

3. ድሕሪ ካልኣይ ጉባኤ ህ.ግ. ልክዕ ኣብ ዓመቱ ዝተፈጸመ ዓቢ ዓወት ጥቐስ፤ ምርጫ ኣለኩም፦

ሀ/ምድምሳስ ውቃው እዙ ለ/ምድምሳስ ናደው እዝ ሐ/ስርሒት ፈንቅል

4. ኣብ ሕዳር 1975 ኣብ መንገዲ ናቕፋ ኣፍዓበት ካብ ህዝባዊ ሓይልታት 15 ተጋደልቲ ተማሪኾም ነይሮም፡ ቦታ ጥቐሱ፤

ሀ/ቢያን ለ/ኩብኩብ ሐ/ ሓራስ ሓርማዝ መ/ሓርጠጠት

5. ጕዕዞ ድምጺ ሓፋሽ ኣብ ሜዳ ኣብ ፋሕ ምስ ተጀመረ ኣበይ ተዛዚሙ፤

ሀ/ ዓምበርበብ ለ/ኣራግ ሐ/ሻባይት መ/እምባልቀ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Rida Engineering and Construction Co. Ltd. is seeking qualified professionals for the Kerkebet North Project.

**Position**

**ACCOUNTANT**

**Vacancies 01**

### Scope of Job

1. An Accountant manages organizations financial records, tasks include preparing financial statements, balance sheet and handling monthly/quarterly/annual closing, reconciling accounts, manage budget, forecasting, preparing tax returns, auditing transaction and ensuring compliance with regulations.

### Experience

- 2 – 4 Years of experience in the field of finance.

### Role and Responsibilities

1. Issuance of all payment orders approved by direct supervisor.
2. Settle expenses and custodies according to the supporting documents.
3. Execute regular wages payments and update the ledger.
4. Records entry and data saving of wages.
5. Check and authenticate Admin department custody.
6. Apply quality and health and safety and environmental approved policies and procedures.
7. Execute any job scope related tasks assigned by the direct supervisor.

### The Requirements:

- Bachelor degree in Accounting from reputable University
- Computer literate and good knowledge of finance software
- Enough English language skills in speaking reading and writing

**General Information and other requirements:**

Place of work: Company Asmara Head Office

Salary: as per company scale

Type of contract: Indefinite

**Additional requirement for Nationals**

8. Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense
9. Candidates must be medically and physically fit.
10. Present clearance paper from current/last employer
11. Testimony documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of National ID etc.)
12. Only short listed candidates will be considered as potential candidates for an interview.
13. Application documents will not be returned to the sender.
14. Applications should be sent to the addresses provided below.
15. Dead line for application: 15 days from the day of publication in the newspaper.
16. Address:

Interested candidates should submit their detailed resume, including relevant work experience and qualifications, to **Tiravolo Hisiyto street House no. 51** during working hours.
Tel: 155677, 155679.

**Note to Eritrean Applicants: please send copy of your application to:**

1. Aliens Employment Permits Affairs,

   P.o.box 7940

   Asmara, Eritrea.

2. Mineral Resources Management

   P.o.box 272

   Asmara, Eritrea.

## State of Eritrea
## Ministry of Agriculture
## Letter of Invitation for Bids

1. The Ministry of Agriculture has received (or in appropriate cases "has applied for") financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of Integrated Agricultural Development Project (IADP), and intends to apply part of the financing for the recruitment of consulting services.

   The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP).

2. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 27 April 2026, and national newspapers Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 13 May, 2026.

3. The Procurement and supplies management division now invites proposals to provide the following consulting services: **TA for Establish Veterinary Drugs and Biologics Registration System.** More details on the services are provided in the terms of reference.

4. A consultant will be selected under the **Fixed Budget Selection (FBS)** method and procedures described in this RFP, in accordance with the policies detailed in the latest IFAD's Project Procurement Guidelines as approved by IFAD's Executive Board and IFAD Procurement Handbook.

5. The RFP includes the following documents:

   Section 1 - Letter of invitation

   Section 2 - Instructions to consultants

   Section 3 - Technical proposal - standard forms

   Section 4 - Financial proposal - standard forms

   Section 5 - Terms of reference

   Section 6 - Standard forms of contract

   Section 7 - Revised IFAD Policy on Preventing Fraud and Corruption in its Activities and Operations

6. The requested proposal should be submitted no later than **06 October, 2026** at 10:00 AM local time Asmara, Eritrea, at the Procurement and supplies Management Unit (PSMU) Ministry of Agriculture P.O.BOX 1048, Tel: 00291-1-189266/00291-1-180699.

7. The proposal must remain valid for 90 (ninety) days after the above submission date. During this period, the consultant shall maintain the availability of professional staff nominated in the proposal.

8. Please inform us in writing upon receipt:

   (a) that you received the letter of invitation; and
   (b) whether you will submit a proposal alone or in association.

at the following address
Procurement and supplies Management Unit (PSMU),Ministry of Agriculture
P.O.BOX 1048, Tel: 00291-1-189266/00291-1-180699,Fax : 00291-1-181415
E-mail : Lidyarusomlidu1221@gmail.com, Asmara, Eritrea

# ካብ ቀይሕ ዕምባባ ናብ ፌተውራሪ

ቶምቦሳ ኣስመላሽ
(ምንጪ፡ መጽሓፍ 'ቀያሕቲ ዕምባባ')

(3ይ ክፋል)

መራሕቲ መገዲ ኣንፈቶም ክሳብ ዘስተኻኽሉ፡ "ዘረባ ግደፍ! ኣብ ዘለኻዩ ኣብሩኽ!" ተባህለ። ኣብ ማእከል ዛራ ማይ ኳንና ግን ኣብ ምንታይ ኮፍ ክንብል፤ ኩሉ ክዳውንትና ብዝናብ ጠስጢሱ ነበረ። ኣብቲ ዛራ ሮፋዕ እንተብልና'ውን ፍልልይ ኣይነበሮን። ካብቲ ጸላኢ ድሮ ተቘጻጺሩዎ ዝነበረ ከባቢታት ክንርሕቕ ስለዝነበረና ንጸጋም ናብ ዝነበረ ኩጀታት እናጠሓስና ቀጸልና። ካብቲ ቃልዕ ከባቢ ከይወጻእናን ነታ ቀንዲ መገዲ ከይረኸብናያን ጸሓይ ስለ ዘበረቐት ግን እቲ ሰግኣት መሊሱ ገደደ። ብኣዝዩ ዝተፈናተተ መስርዕ፡ ብሕሩስ ግራውቲ ማሽላ፡ ክሳብ ዳንጋና ጭቃ እናተወሓጥና ናብ ጽዕቕ ዝበለ ኣግራብ ዝነበሮ ከባቢ ኣልገስና።

ብጌጋ ክንከዶ ዝሓደርና መገዲ ኣሪምና ነታ ቅንዕቲ መገዲ ክሳብ ንሕዝ ብድኻምን ጥሜትን ኣእጋርና ምእዛዝ ኣበየ። 'መዐሸዊ ኩብዲ፡' እናበልና ካብ ዝረኸብናዮ ዕቋር ማይ ክንሰቲ ወዓልና። እቶም መገዲ ዝመርሑና ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ "ኣብ ጥራይ ከብድኹም ማይ ኣይተብዝሑ፡ ቁሩምባ ከይትሕዘኩም፡" ይብሉና ነበሩ። ማይ ሃምቦቕ ምባል ኣየቋረጽናን፣ 'ቁሩምባ ሒዙኒ፡' ዝበለ ግን ኣይነበረን። እቲ ናብ ከስዐና ዘውረድናዮ ማይ ምስ ነፍሲ ወከፍ ስጉምና፡ ልክዕ ከም ሓርቢ፡ በጨቕ በጨቕ ክብል ይስማዕ ነበረ።

ሓያሎ ሰዓታት ምስ ተጓዓዝና ኣብ ሓዲግ መገዲ ኣዕረፍና። ሓደ ካብቶም መራሕቲ መገዲ፡ "ኣብዚ ከባቢ ናይ ተጋደልቲ ቦታታት ኣሎ'ሞ ገለ መግቢ እንተ ረኺብና ክንፍትን፡" ኢሉ ንኽልተ ሰባት ሒዙና ከደ። ከምቲ ዝበሎ ኣብ እግሪ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ብቈጽለ-መጽልን ሳዕርን ዝተሰርሐት መጽለሊት ሓደ ተጋዳላይ ረኺብና። እቲ ተጋዳላይ ካብተን ዝነበርኦ ቀለብ ሓደ ኪሎ ዝኸውን ሩዝ መቐለና። ሰለሙና ከይኣተና ንኩላትና ተጓዓዝቲ ዝኣክል ስንቂ ክርከብ ከምዘይከኣል ኣቐበጸና።

ሩዝ ብኸመይ ይስራሕ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረናን። እተን ተጸዊዐን ዝመጽኣ ሓፋሽ-ውድባት ኣዋልድ እውን ስለ ዘይፈለጥኦ ኣብ ገረወኛ ማይ ገይርና ጥራይ ሰኸተትናዮ። እቲ ማይ ሸረኽረኽ ክብል ጀሚሩ'ኳ እንተነበረ ክንብገሰሉ ዝግብኣና ግዜ ስለ ዝሓለፈ፡ ነቲ ማይ ዘቍቐና ሓሓንቲ ዕማኾ ዘይበሰለ ሩዝ ቆርጠምጠም ኣበልና። ሰለሙና እንተኣቲና ኩሉ ጸገማትና ክፍታሕ ከም ዝኽእል ተሰፋ ገይርና ድማ ጉዕዞና ቀጸልና። ኣብኡ ከይበጻሕና ግን ጸላም ኣርከበና። ዝናብ'ውን ግደኡ ይገብር ነበረ። ሩባ ሰለሙና ጃሕ ጃሕ ክብል ይስማዕ ነበረ። መፍቶተን ዝረኸባ ዕስለ እንቅርዖብ ብሓባር እናቓቐዋ ናይ 'እንቋዕ ደሓን መጻእኩም!' ዕልልታ ዝለግሳልና ዝነበራ መሰላ። ቅድሚኡ ሰሚዕናዮ ዘይንፈልጥ ደሃይ'ዩ። እንቅርዖብ ምኳነን'ውን ደሓር ኢና ፈሊጥና።

ንኣታተን ሰናይ ክራማት'ዩ፣ እንተ ንኣና ግን . . . ዳር!

ሰለሙና ካብ ጥሜትና ክትዕንግለና፡ ካብ ጃለምታ ማይ ከተድሕነና ዝነበረና ትጽቢት ኣይሰመረን። እቶም መራሕቲ መገዲ ንኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ኣረኪቦሙና ንቦታኦም ከዱ። ክፍሊ ታዕሊም ንኣና ዝቐረቡዎ ዝኾነ መቐበሊ ኣይነበሮምን። ካብ ወሓዚ ሩባ ውጽእ ኣብ ዝበለ በሪኽ ቦታ ክንድቅስ መሪሖሙና ደየቡ። ኣብቲ ድሮ ማይ ኣዕቍሩ ዝነበረ ሕሩስ መሬት ከመይ ኢልካ ክድቀስ። ኩነታትና ብኣካል መጺኣ ዝተዓዘበት ሓላፊት ቁጠባ እቲ ከባቢ ተጋዳሊት ጉዕመሸ፡ "እዞም ቈልዑ ኒሞንያ ክውድኦም'ዩ፡" እናበለት ምስ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ተቛየቐት። ካልኣይ ግዜ ተመሊሳ ክሳብ ትመጽኣና ድሮ ኣብቲ ሕሩስ ጭቃ ተር ኢልና ደቂስና ጸናሕናያ።

'ድቃስ ንእሽቶ ሞት'ያ፡' ክበሃል ሓቂ'ዩ። ነቲ ሒዛቶ ዝመጽአት ጣቓ ዓለባ ኣቡጀዲድ ከይቀራረጸት ንኹላትና ብኣልማማ ከደነትና። ንጽባሒቱ ካብ መሬት ተፋሒርና ዝወጻእና ክንመስል ተሰሪዕና ንሩባ ወረድና። ኣብኡ ድማ ቀዲሞሙና ኣትዮም ምስ ዝቐነዩ ቀያሕቲ ዕምባባ ጊንዳዕን ደንጎሎን ተሓወስና። ኣብ እግሪ ጽላል ገረብ ኮፍ ኢሉ ናብ ዝነበረ ተጋዳላይ በብሓደ እናቐረብና ድማ ተመዝገብና። እቶም ዝመዝገቡና ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ምኳኖም ምስ ኣረጋገጽና ሓጎስና ጥርዚ በጽሐ። 'ኣብ መዝገብ ህዝባዊ ግንባር ኣቲና! ደጊም እንታይ ተረፈ፤ ተጋደልቲ ሻዕብያ ኢና።' ታዕሊም እንጅምረላ መዓልቲ ብሃንቀውታ ተጸበና። ኣብ ሰለሙና ኣብ ዝሓደርናለን ቀዳሞት ክልተ መዓልታት ዝናብ ለይቲ ኣይተጋደፈናን።

ካብቲ ዝናብ ንምድሓን ተባሂሉ ምሸት ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ሰለሙና መሪሖም፡ 'እንዳ-ኮማንድስ፡' ተባሂላ ናብ እትጽዋዕ፡ ኣብ በሪኽ ዝተሃንጸት፡ ስርሓት ጥልያን እትመስል ጽብቕቲ ገዛ ወሰዱና። ካብቲ ዝቐነናዮ ጭቃ ተገላጊልና ድማ ኣብ ቾመንቶ ምድሪ ቤት ኣንጺፍና ደቀስና። እቲ ናይ ለይቲ ዝናብ በርቅን ነጎዳን ኣሰንዩ ምስ መጽአ ግን እታ ዝኣመንናያ ገዛ ኣይግድን። ሓያሎ ዚንጎታታ ተበሳሲዑ ስለዝነበረ ማይ ናብ ዝባንና ጀረብረብ በለ። መናድቓ ካብ ንፋስን ጸፍዕን ሰቲሩና ስለዝሓደረ ግን ኣይጸላእናያን። ሒደት መዓልታት ቅድሚ ምምጻእና ነፈርቲ ኩናት ንገለ ክፋል'ቲ ህንጻ ኣዕንየንኦ ነበራ። ምስ ናይዚ ኩሉ ግን እንዳ-ኮማንድስ ኣብ ሰለሙና ክርከብ ካብ ዝኽእል መጽለሊ ንኣና እታ ዝበለጸት ነበረት። ካብቲ ቦታ ክሳብ እንብገስ ድማ ለይቲ ለይቲ እናኸድና ሓደርናላ።

ኣብ ሰለሙና ወተሃደራዊ ታዕሊም ክንጅምር እናተጸበና ንቐል ንቐል መጸ። ኣጋ ምሸት ዝጀመርናዮ ጉዕዞ እግሪ ክሳብ ለይቲ ቀጸለ። ኣጋ ወጋሕታ ኣብ ርሑቕ ቅድሜና ዝተሰምዐ ጽዑቕ ተኹሲ ግን ንጉዕዞና ዓንቀፎ። ኩነታቱ ክሳብ ዝረጋገጽ ኣብ ሓደ ጸግዒ ኮፍ ኢልና

መሬት ኣውጋሕናዮ። ሬድዮ ርክብ ሒዛ ዝነበረት ተጋዳሊት፡ ኣብ በሪኽ ቦታ ደይባ መልእኽቲ ክትቀባበል ድሕሪ ምጽናሕ ርጡብ መልሲ ሒዛ ተመልሰት። ብታንክታትን መዳፍዕን ዝተሰነየ ሓይሊ ጸላኢ ካብ ባጽዕ ተበጊሱ በረኻ-በረኻ ንማዕሚደ ስለ ዝወረደ ንሳሕል እንሓልፈሉ መገዲ ተበቲኹ ነበረ።

ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ጸላኢ ንምዕጋትን መገዲ ንምኽፋትን ኣብ ከቢድ ውግእ ተጸሚደን ነበራ። ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ኣብቲ ዝነበርናዮ ክንጸንሕ ስለዝተሓበረና ድማ ናብ ዝቐረበ ቦታ ተኣሊና መንተብለ ኣተና። መንተብለ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላሎት በረኽቲ ጥርዝታት ምራራ ዝርከብ ብዓበይቲ ኣግራብ ዝተሸፈነ መዓስከር ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ'ዩ። ጸላኢ ናብ ገማግም ምብራቓዊ ኣጻድፍ እንተተቐልቂሉ ብቐሊሉ

ለይቲ ግን ካብ መንከስቲ ጣንጡ ክንድሕን ካብቲ ሩባ ርሕቕ ኣብ ዝበለ ኩጀታት ኢና ንሓድር። እቲ ኩጀታት ሓሓሊፉ ዝርአ ነኣሽቱ ቈጥቋጣት ዝነበሮ፡ ቀላጥን ጾዳፍን፡ ብኣስሒት ዝተሸፈነ'ዩ። መደቀሲ ከተጣጥሕ ጸጸር እንተ ኣለኻ ካልእ ጸጸር ስለዝጸንሕ ኩሉ ወዮ'ዩ። ምሸት መጸ ግን ናብታ ኩርኳሕ መደቀሲ ንምብጻሕ ዘይህወኽ ሰብ ኣይነበረን። ኣብቲ ህዱእ ምሸት ድምጺ ተኹሲ ዓውደ ውግእ ማዕሚደ ብንጹር ይስማዕ ነበረ። መሰመስታ መዳፍዕን ብርሃን ገምበልን ክንርኢ ድማ ደቃስ በየን ክመጽእ።

ድሕሪ ሒደት መዓልታት ካብታ ሰቲራትና ዝቐነየት መጽለሊትና ወጺእና ጉዕዞ ጀመርና። ካብ እግሪ ምራራ ኣዕሪና ክሳብ እንርሕቕ ብዝተፈናተተ መስርዕ ዝጀመረ ጉዕዞ፡ ኣማስያኡ ናብ ሰጥ ዝበለ መገዲ



ካብ ቀዳሞት መበል 3ይ ዘሎ - ቶምቦሳ ኣስመላሽ

ኣብ እግሩ ክርእየና ስለ ዝኽእል፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ቀትሪ ምንቅስቓስ ፍጹም ክልኩል ነበረ። ዝኣተናዮ ቦታ ኣቐዲሙ ጠሓኒት እኽሊ መኪና ዝነበረቶ ብዚንጎ ዝተኸድነ ዓቢ ጽላል'ዩ። ኣብኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣቐዲሞም ጠቐሊሎም ወጺኦም ነበሩ። ብሓደ ጸግዒ ናይቲ ጽላል ደርብዮማ ዝኸዱ ዝዓሰዓሰት ክሻ ስምስም ግን ካብ ጥሜት ኣዐንጊላትና ወዓለት። ካብ ምሒር ምዕሳው እቲ ስምስም ናብ ጸሎሎ ተቐይሩ፡ ዓለባ ሳሬት ብዝመስል ነንሓድሕዱ ተተሓሒዙ ነበረ። ሕሰይ ሕሰይ ኣቢልና 'ኡፍ፡' ምስ በልናዮ ግን ቀልጢፉ ይበንን። መቐረቱ ኣጥፊኡ መንጊኡ'ኳ እንተነበረ ካብ ጥሜት ዝሽፍእ ኣይነበረን። እታ ቀዳመይቲ ምጉሳም ከኣ'ያ ምኽሕክሕ እተብል እምበር ካብኡ ንንየውስ ተለማዳይ'ዩ።

ብቐንያቱ ዝጸወርናዮ ስንቂ ኣይነበረን። ብ'ገዓት ቋሕ ሰም፡' ኢና ኣሕሊፍናዮ። ድሕሪ ክንደይ መልእኽቲ ሬድዮ ሓንቲ ጽዕነት ኣድጊ ሓርጭ ወዲ ዓከር መጽኣትና። ኣብ ሓንቲ ድስቲ ዝተጋዕተት ገዓት ኣብ መኣድታት ምስ ተመቕለት ቀቑንጣሮ'ያ ትኸውን። እታ ዝኾነ መማቕርቲ ዘይነበራ መኣዲ ጻልጣ ገዓት ሓሓንቲ ኩላሶ ምስ ኣልዓልናላ ስለትውዳእ ድማ 'ገዓት ቋሕ ሰም፡' ተባሂላ። ካብቲ ምንኣሳ እቲ ምውዓያ ስለ ዝሓሰም፡ ትርር ዝበለን ዝላደየን ኣእዳው ዝነበሮም'ዮም ዝዕወቱላ። እንዳ ጠሓኒት መንተብለ ቀትሪ ቀትሪ ጥራይ ኢና ነጽልለላ።

መኪና ጸንበረና። ቀያሕቲ ዕምባባ ብቐድሚት፡ ካልኦት ተዓለምቲ ብድሕሪና እናሰዓቡ፡ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ኣብ መንጎና ኣትዮም ጉዕዞና ቀጸልና። ብዘይካ ሓንቲ ዓባይ ድስቲ ካልእ ዝጠቅም ሰከም ኣይነበረናን። ኣብ ጉዕዞና ዝተቐልቀለት ድምቕቲ ወርሒ ኣብ ርእስና በጺሓ፣ ለይቲ ተፋሪቑ። መብዛሕትኡ ተጓዓዛይ ብድቃስ ፍግም እናበለ ኣእጋሩ ጥራይ'ዩ ዘሰጉም።

ኣብ ሓደ ኣሻኩ ቈጥቋጣት ዝበዝሖ ከባቢ ምስ በጻሕና፡ ብሸነኽ የማንና ኣብ ዝነበረ ጎልጎል ዘውክኻ ዝነበራ ዕስለ ወኻሩ ካብ ምትኻስ ኣበራበሩና። ጸጺሑ ዝንቁ ዝነበረ ዝብኢ'ውን ነቲ ዘልሓጥሓጥ ክብል ጀሚሩ ዝነበረ መስርዕ ተዓለምቲ ተለጋጊቡ ንኽቕጽል ሓጊዙ ነበረ። ኩሉ ናይ ሕሹኽሹኽ ዕላል ናብ ብሂላትን ዛንታታትን፡ 'እታ ጎራሕ ወኻርያን እቲ ስሱዕ ዝብእን፡' ኣድሃበ።

ነዊሕ ከይከድና፡ ቅድሚት ተሰሪዖም ካብ ዝነበሩ ቀያሕቲ ዕምባባ ናይ ሓንቲ ጓል ምውጫጭ ተሰምዐ። ኣብ ድሕሪኣ ዝነበሩ'ውን ነቲ ዓውዓውታ በብናቶም ቃና ኣዳመቒዎ። መስርዕ ተዘራሪት ሰብ ናብ ኩሉ መኣዝን ተበታተነ።

ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ብረታቶም ዓሚሮም፡ "እንታይ'ዩ፤ እንታይ'ዩ፤" እናበሉ ንቕድሚት ጎየዩ። ብዘይካ 'እንድዒ፡' ካልእ መልሲ ኣይረኸቡን። ኣብ ቅድሚኦም ዝረኸቡዎ ኣሰጋኢ ነገር ኣይነበረን። "ኣብ ዘለኻዮ! ኣብ ዘለኻዮ!" እናበሉ ነቲ ተዓላማይ ኣረጋግኡዎ። ዳግማይ ኣብ መስርዕ ኣቲና ጸጥታ ክሳብ ዝሰፍን ግዜ ወሰደ። እቶም ዓለምቲ ነቲ ዕግርግር እንታይ ከም ዘበገሶ ንኽፈልጡ ዘቕረቡዎ ሕቶታት ብሱል መልሲ ኣይረኸብሉን። እቲ ዛንታ ግን ድሒሩ ወጽአ።

መስርዕ ቅድሚ ምብታኑ ንሓጺር ዕረፍትን ምትእኽኻብን 'ኣብሩኽ፡' ምስ ተባህለ፡ ነታ ዓባይ ድስቲ ዝሓዙ ሰባት 'ክንሳለ ክንጸንሕ፡' ኢሎም ቅድሚት ሓሊፎም ነበሩ። ነዊሕ ምስ ተፈንተቱ ከኣ ነታ ድስቲ ኣብ ማእከል ጽርግያ ኣንቢሮም ኣብ ወሰን ከዕርፉ ጎቦ ኮኑ። መስርዕ ምስ ኣርከቦም ድማ ንኽብገሱ ብድድ በሉ። ነቲ ጸሊም ዓቢ ድስቲ ኣብ ማእከል ጽርግያ ተኾዲሙ ርእየን፡ እንታይነቱ ክፈልያ ሰጋእ መጋእ ክብላ ዝጸንሓ ቀዳሞት፡ ናይቶም ከየስተብሃላሎም ዝጸንሓ ተሰኪምቲ ድስቲ ምንቅስቓስ ልበን መልሓን። ሓንቲ ካብኣተን ከይተፈለጣ ዘምሎቐታ ውጭጭታ ንድሕሪት እናተራብሐት ከይዳ፡ ንብምሉኡ እቲ መስርዕ ናብ ሕንፍሽፍሽ ኣእተወቶ።

ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ መገድና ንኽንቅጽል ኣብ ዘለኻዮ ደቅስ ተበሃልና። ካብቲ መስርዕ ከይወጻእና ኣብ ኮፍ ኢልናሉ ዝነበርና ግምብው በልና። ናይ ተበገስ ሰዓት ቅድሚ ምእካሉ ግን ምሳና ኣብ ሰለሙና ተዓጊተን ዝቐነያ ክልተ ዓበይቲ መካይን ተመራሪሐን መጻ። ኣብ ማእከል መገዲ ደቂስና ስለ ዝጸናሕና ኩላትና ተንሳእና። ምስቶም መራሕቲ መካይን ድሕሪ ዝተገበረ ሓጺር ምዝርራብ ድማ ኩላትና ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባን ገለ ዝደኸሙ ዓበይቲ ተዓለምትን ናብተን መካይን ተሰቐልና። ድሕሪ ናይ ሒደት ደቓይቕ ጉዕዞ፡ ኣብ ተሸኪል መንተብለ ኳንና ብማዕዶ ከነቋምቶ ኣብ ዝቐነና ዓውደ-ውግእ ማዕሚደ ከም ዝበጻሕና ተጋህደልና።

እቲ ጎላጉል ብዝተመሳቐለ ርጋጽ ታንክታት ተወቒጡ ነበረ። ዓበይቲ ኣግራብ ጨናፍሮም ተሰሊዑ፣ ታንክታት ናይ ዝተኩሳኦ ቦምባታት ቃልሃ ፈቒድኡ ተበቲኑ ነበረ። ኣብ ጥቓ ጽርግያ ትነድድ ዝነበረት ታንክ ኣብ ከባቢኣ ንዝነበረ ቈጥቋጥ ለኪማቶ፡ ባርዕ ሓዊ ኣብቲ ከባቢ ልሒሙ 'ሁር፡' ይብል ነበረ። የማነ ጸጋም እቲ ጽርግያ ገና ዘይተላዕለ ሬሳታት ጸላኢ ተዛሕዚሑ ነበረ። ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ብታንክታት ተሰንዩ ንሳሕል ክወርድ ዝተበገሰ ጸላኢ ኣብ ማዕሚደ ዓጊቶሞ ቀንዮም። ሸዑ መዓልቲ ወጋሕታ ብዝወሰዱዎ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ሓይሊ ጸላኢ ካብ ማዕሚደ ተደፊኡ ንጎላጉል ተበቲኑ። ኣብ መንተብለን ሰለሙናን ተዓጊትና ዝቐነና ተዓለምትን ካልኦት ተጋደልትን መካይንን ድማ ሽታ ባሩድን ትክን እቲ ውግእ ገና ከይበነነ በታ ዝተኸፍተት መገዲ ንሳሕል መሕለፊ ረኺብና። መካይን ኣብ ማይ-ላባ ኣውሪደናና መገድን ቀጸላ።

ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፥ ግጥማት ኩዕሶ እግርን መርበብን የሰላስል

ወቕጣዊ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ምስልሳል ዝርከብ እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፥ ሓሙሽን ዓርብን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ግጥማት ኩዕሶ እግርን መርበብን ኣካይዱ።

ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ጽግዖትን ሓለቡትን ፈለማ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዘቶደዳ ነይረን። እተን ካብ ጀዋሂር እድሪስ ክልተ ሸቶታት ዝረኸባ ሓለቡት ደሞ ኣብ ልዕሊ እተን ብመንገዲ ሰሰን ተኸስተ ሓንቲ ሸቶ ዝረኸባ ጽግዖት ዓወት ኣመዝጊበን።

ቀጺለን ግጥመን ዘቶደዳ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ዊናን ሕድሪን እየን። ተጻወትቲ ዊና፥ ኣብ መበል 16 ደቒቕ ብመንገዲ ዓንዲት እስቲፋኖስ ሸቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ክሕዙ ክኢሎም ነይሮም። የጉዳስ ሕድራውያን ጸወታ ናብ ዕረፍቲ ቅድሚ ምምርሑ ካብ መዋእል ገ/እግዚኣብሄርን ናህም ተኽለዮን ክልተ ሸቶታት ብምቅጻር ንዕረፍቲ መሪሖም ወጺኦም። ድሕሪ ዕረፍቲ ዝተባረበሩ ተጻወትቲ ዊና፥ ብዓንዲት እስቲፋኖስ ክልተ ሸቶታት ስለ ዝወሰኹ 3-ብ2 ክዕወቱ ክኢሎም። ናህም ተኽለዩ ዓሰርተ ሸቶታት ብምምዝጋብ መሪሕነት ሒዙ ይርከብ። ጽግዖትን ሓለቡትን ኣብ ዘቶደድኦ ጸወታ ደሞ ጽግዖት 3-ብ0 ረቲዐ።

ኣብ'ቲ ዕለት ኣብ ዝተሰላሰለ ግጥማት ኩዕሶ መርበብ ከኣ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሕድሪ ንፈንቅል፥ መሰረት ንርኬት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ሰዒረናአን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ደሞ መሰረት ንርኬት፥ ጸሓይ በርቂ ንፈንቅል ናይ 2-ብ1 ዓወት ኣመዝጊበን።



ዓርቢ ንናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት መሰረትን ፈንቅልን ዘራኸበ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ተሰላሲሉ ነይሩ። ፈንቅል ካብ ኢሰርም መሓሪ ክልተ ሸቶታት ክትረክብ እንከላ፥ መሰረት ደሞ ካብ ኣማን ከሰተን ሪቨን ፊሊሞንን ክልተ ሸቶታት ብምርካብ ናይ ሓባር ዓወት ኣመዝጊበን።

ፈንቅል ምስ ጸሓይ በርቂ፥ ሕድሪ ምስ ርኬት፥ ሓለቡት ምስ ጽግዖት ከኣ ግጥም ኩዕሶ መርበብ ዘቶደዳ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ነይረን። ፈንቅል፥ ናይ 2-ብ1 ዓወት ከመዝግባ እንከለዋ፥ ሕድሪን ሓለቡትን ደሞ 2-ብ0 ረቲዐን። ኣብ'ዚ ጸወታታት፥ ተጻዋቲት ፈንቅል ምሲጋና ተስፋእየሱስ ከም'ኡውን ተጻዋቲት ጸሓይ በርቂ ቅሳነት ተኸሊም ብዘንጸባረቕኦ ጸወታ ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ረኺበን። ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ኣብ ዘቶደድኦ ግጥም፥ ሕድሪ ንርኬት፥ ሓለቡት ንጽግዖት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ1 ረቲዐናአን።

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፥ ጽባሕ ሰኑይ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ቀጺሉ ክውዕል እዩ።

## ኣልታሕሪር ልዕሊ ደርዘን ሸቶታት ዘመዝገበትሉ ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ

ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ዝቶደድ ዘሎ ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፥ ትማሊ ብሰለስተ ግጥማት ቀጺሉ ወዒሉ።

ናይቲ ዕለት ፈለማ ጸወታ ዘቶደዳ ቀይሕ ባሕርን ሳሳለን እየን ነይረን። ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታ ሸቶ ስለዘይተርኣየ ከኣ 0-ብ0 ንዕረፍቲ ኣምሪሐን። ድሕሪ ዕረፍቲ ከዓሶ ናብ ልዑት ክለኣኻ ተራእየ። ኣብ መበል 65 ደቒቕ ብመንገዲ ሚካኤል ሃብተ ኩዕሶ ምስ ሰከይት ዘራኸበት ከኣ ቀይሕ ባሕሪ ኰነት። ቀይሕ ባሕሪ መሪሕነታ ንምድልዳል ኣብ ዝገበረቶ ጻዕሪ ኣብ መበል 75 ደቒቕ ሰሊጥዋ - ሳልሕ ስዑድ ሸቶ ኣቖጺርሉ። በዚ ከኣ ቀይሕ ባሕሪ 2-ብ0 ተዓዊታ። ሚካኤል ሃብተ፥ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰሚዩ።

ቀጺለን ዝተጋጠማ ኣልታሕሪር ምስ ኣቑርደት እየን። ኣብዚ ምሉእ ዓብላልነት ኣልታሕሪር ዝተንጸባረቖሉ ግጥም፥ ኣልታሕሪር ብሸቶታት ኣገጺ ወጺኣ። ኣልታሕሪር፥ ካብ ፈለማ ደቒቕ ናብ ልዑት ኣቑርደት ክትግስግስ ተራእየት። 13 ሸቶታት ብምምዝጋብ፥ 13-ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ። ኣልታሕሪር፥10 ሸቶታት ካብ ካልድ ዓብደላ ክትረክብ ከላ፥ ክልተ ካብ ዘርኢት የማ፥ ሓንቲ ካብ ሚሮን ዓንደም ረኺባ። ካልድ ዓብደላ ደሞ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።



ኣልነስር ምስ ደንካልያ ዘቶደድኦ ጸወታ፥ ሳልሳይ ግጥም ናይቲ ዕለት ነይሩ። እታ ካብ የናስ ሃይለን ሚሮን ጉብረመስቀል ክልተ ሸቶታት ዝረኸበት ኣልነስር፥ ነታ ካብ ዘሚሮን ስብሖቱ ሓንቲ ሸቶ ዝረኸበት ደንካልያ 2-ብ1 ረቲዓታ። ሮቤል ጉብረትንሳኤ ናይ ኣልነስር ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

## ሞሪኖ ዘይምነዎ 'ንባሎን ደ ኦር' ይሰሃሎ

ወትሩ ብዙረባ ኣርእስቲ ማዕከናት ዜና ዝኸውን ሆዜ ሞሪኖ፥ ትማሊ ኣብ ልዕሊ ሽልማት ባሎን ደ ኦር ነቐፌታኡ ኣሰሚዑ ኣሎ።


ሞሪኖ፥ ብዛዕባ ሎሚ ዘሎ ግጥም ኣመልኪቱ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብ ዝሃበሉ ኢጋጣሚ'ዩ ብዛዕባ ባሎን ደ ኦር ዘረባ ሰው ኣቢሉ ዘሎ። ንሱ፥ "ብደረጃ ውልቀ ሰብ ዝድነቕ ሽልማት'ዩ" ድሕሪ ምባል፥ "ኣብዚ ግዜ ኣብ ዝልዓለ ደረጃ ዝርከቡ 12 ተጻወትቲ ኣለው። ካብዞም እቶም 3 ወይ 4 ኣብ ርያል ማድሪድ ኣለው፥" ኢሉ። ባሎን ደ ኦር ሻምፕዮንስ ሊግ ወይ ዋንጫ ዓለም ስለ ዘልዓልካ ክውሃብ ከም ዘይብሉ ዝሓበረ ሞሪኖ፥ "ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተዓወተ ክውሃብ እንተተደልዩ ግን ባሎን ደ ኦር ንልዊስ ኤንሪከ ሃብዎ" ኢሉ።


ሞሪኖ ቀጺሉ፥ "ብስድራ እንተኾይኑ ደ ላ ፎንተ ትግበኣ'ያ። እዚ ዓቢ ክብሪ'ዩ። ናይ ዓለምና ብሉጽ ካልእ ነገር'ዩ ካብ ፒኤስጂ ወይ ስጳኛ ክኸውን የብሉን። ክልተ፥ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ኣለው። መን ምዃኖም፥ ኣበይ ከም ዘለው ንፈልጥ ኢና። ኣብዚ'ዩም ዘለው። ብውልቂ ኣብዚ ክረምቲ መን ታሪኽ ከም ዝሰርሐ ንፈልጥ ኢና" ብምባል፥ እዞም ሽልማት ንተጻወትቱ ከም ትግባእ ወሰ ኣቢሉ።

ንመስርሕ ባሎን ደ ኦር ዝቐፈፈ ሞሪኖ፥ "ባሎን ደ ኦር ፖለቲካዊ ጠባይ ኣለዎ። ፖለቲካ ተሰትፎ እንተገይሩ ከኣ ኣነ ኣይብርሃንን'ዩ" ብምባል ወቒሶዎ።

## ኰርናዕ ሰእሊ

እዚ ኣብ ሰእሊ ዝርአ ዘሎ ህጻን ብሩኖ ጉማርሽ እዩ። ማልያ ኣርሰናል ለቢሱ ኩሎ ደማ ደሪኡ። ከምቲ "ተመነዩ ክትረኽቡ" ዝበሃል ከኣ ድሕሪ ዓመታት እዚ ናይ ቀልዕኡ ትምኒቱ (ናይ ወለዱ) ሎሚ ዓመት ህያው ኮይኑ ይርከብ።




## ሎሚ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ግጥማት ኩዕሶ መርበብ 'ግራስ ሩት' ዞባ ማእከል

ብምትሕብባር ጨንፈር ስፖርትን ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከልን ተወዲቡ ክቶደድ ዝቐጸለ ክረምታዊ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት፥ ሎሚ ብዘቶደዱ ኣርባዕተ ጸወታታት መጋረጃኡ ክዕጾ'ዩ።

እዚ ግጥማት፥ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ተኸፋፊሉ፥ ብክልተኡ ጾታታት ክስላሰል ዝጸንሐ'ዩ። ዓርቢ ንናይ ፍጻመ ዝሓለፋ ጋንታታት ንምርግጋጽ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፥ ኣብ ክሊ ዕድመ 14ን15ን ዝርከብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘቶደድኦ ጸወታ፥ ኣጮቫውል ንብሪኽ፥ ጎዳይፍ ንዕዳጋ ሓሙስ 2-ብ1 ረቲዐናአን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፥ ጋሻፋሒ ንዕዳጋ ሓሙስ 2-ብ0፥ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 2-ብ1 ሰዒረናአን። ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን17ን ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፥ ዕዳጋ ሓሙስ ንጎዳይፍ፥ ኣርባዕተ ኣስመራ ንብሪኽ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ፥ ዕዳጋ ሓሙስ ንማይተመናይ፥ ጋሻፋሒ ንኣጮቫውል ናይ 2-ብ0 ዓወት ኣመዝጊበን።

በዚ ዝተረኽበ ወጽኢት፥ ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን17ን ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ጋሻፋሒ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፥ ኣርባዕተ ኣስመራ ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፥ ንዋንጫ ክፋለማ እየን። ኣብ ክሊ ዕድመ 14ን15ን ደሞ፥ ኣጮቫውል ምስ ጎዳይፍ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፥ ጋሻፋሒ ምስ ጎዳይፍ ደሞ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዘካይዳ ጋንታታት ኮይነን ይርከባ። ሜዳ



ቦቸፊላ ከኣ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቐ ኣትሒዙ እዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ከኣንግድ'ዩ።

እዚ ከምዝሉ ኮሎ፥ ትማሊ ንደረጃ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፥ ኣብ ክሊ ዕድመ 14ን15 ኣኽርያ ብደቂ-ተባዕትዮ፥ ብሪኽ ብደቂ-ኣንስትዮ ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን። ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን17ን ደሞ፥ ብደቂ-ኣንስትዮ ጎዳይፍ፥ ብደቂ-ተባዕትዮ ደሞ፥ ማይተመናይ ሳልሳይ ኮይነን ዛዚመን።

## ምባፐ፥ ንታሪኻዊ ክብረ-ወሰን ሮናልዶ ይሃድን

ኣጥቃዓይ ርያል ማድሪድ ክልያን ምባፐ፥ ምስ ታሪኽ ኣርኢያኡ (ክርስትያኖ ሮናልዶ) ኣብ ብድሆ ተጸሚዱ ይርከብ።

ክርስትያኖ ሮናልዶ፥ ኣብ ትሕቲ ሆዜ ሞሪኖ ኮይኑ ብ2 ሕዳር 2011 ኣብ ስታድዩም ልዮን መበል 100 ሸቶኡ ኣቖጺሩ። እዚ ፖርቱጋላዊ ኮኾብ'ዚ ደረጃ ኣብ መበል 105 ጸወታኡ'ዩ በጺሕዎ። ምባፐ ከኣ ብዙሒ ጸወታ ዘይከዶ ብዋዜ'ዚ ክብረ-ወሰን ክበጽሕ ኣብ ቅልስ ይርከብ።

ምባፐ፥ ኣብ ቅልስ ብዙሒ ሸቶታት ኣብ ቀዳማይ ወቕቱ 44 ሸቶታት ብምቕጻር'ዩ ብናህሪ ተበጊሱ። ሮናልዶ ኣብ ቀዳማይ ወቕቱ ምስ ርያል ማድሪድ 33 ሸቶታት'ዩ ኣመዝጊቡ።

ካልኣይ ምዕራፍ ምባፐ ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን። ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንንውሕ ዝበለ ሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ ተራእዩ። ናብ ጸወታ ምስ ተመልሰ ግን ናይ ሸቶ ናህሩ ደጊሙ ኣማሰኪሩ። ኣብ ሸሞንተ ተኸታታሊ ግጥማት ሸቶ ብምቕጻር ምስ ክብረ-ወሰን ሮናልዶ ተመዓራርዩ - ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ሸቶታት ምምዝጋብ ዝብል።

ምባፐ፥ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተኻየደት ሓድሽ ወቕቲ ኣብ ልዕሊ ርያል ሶሴዳድ ሰለስተ ሸቶታት ብምቕጻር፥ ብዙሒ ዘመዝገቦ ናብ 89 ክብ ኣቢልዎ ይርከብ። ምባፐ፥ እዚ ኣብ 105 ግጥማት'ዩ በጺሕዎ። ነቲ ሮናልዶ ኣብ 105 ግጥማት ዘመዝገቦ 100 ሸቶታት ክበጽሕ ከኣ 11 ሸቶታት ተሪፍዎ ይርከብ። ብጸወታ'ኳ እንተዘይበቐዖ ብዋዜ ክመዓራረዮ ከኣ ክልተ ወርሒ ተሪፍዎ ይርከብ - ክልተ ሕዳር 2026።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ
(ስታድዩም ከረን)
ዓንሰባ - ኣዱሊስ 12:00 ድ.ቐ
ደንደን - ኣልሂላል 2:00 ድ.ቐ
ሰገዔ - ሰሚንቶ 4:00 ድ.ቐ

### ፕሪመር ሊግ

ቸልሲ - ብራይቶን 4:00 ድ.ቐ
ሊድስ - ብረንትፎርድ 4:00 ድ.ቐ
ሳንደርላንድ - ፋልሃም 4:00 ድ.ቐ
ማንቸስተር - ኣስቶን ቪላ... 

### ላ ሊጋ

ርያል ማድሪድ - ማሎርካ 6:00 ድ.ቐ
ሰኑይ (ፕ.ሊግ)
ኣስቶን ቪላ - ኣርሰናል 10:00 ድ.ቐ

## ሙኖዝ ዘድሓና ሊቨርፑል ምስ ኖቲንግሃም ተመዓራርያ

ትማሊ ሊቨርፑል ምስ ኖቲንግሃም ኣብ ዘቶደደቶ ግጥም፥ ቪክቶር ሙኖዝ ብዘመዝገቦ ሸቶ ኣብ ሜድኣ ካብ ስዕረት ኣናጊፍዋ።

ዳን ዶዩ፥ ቅድሚ ዕረፍቲ ብዘመዝገቦ ሸቶ ንኖቲንግሃም ፎረስት መሪሕነት ኣትሒዙዋ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፥ ነታ ካብ ኮድይ ጋክፖ ዝመጸኣቶ ኩዕሶ ናብ ሸቶ ብምልዋጡ፥ ነቲ ጸወታ 1-ብ1 ገይርዎ። ሊቨርፑል፥ ንዓወት ትሃድኖ ኣብ ዝበረት ግዜ፥ ኖቲንግሃም ፍጹም ቅላዕ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ረኺባ - ጊብስ ዋይት ከኣ ናብ ሸቶ ለዊጥዋ። ተጻወትቲ ሊቨርፑል፥ ጸወታ ብስዕረቶም ከይዛዘም ኣብ ሓያል ጻዕሪ ተጸሚዶም። ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ከኣ ቀኒዕዎም። ኣብ መበል 82 ደቒቕ ካብ ሙኖዝ ሸቶ ብምርካቦም ርእሶም ከቕንዑ ዕድል ረኺቦም። ኣራኣሉ፥ መዘኑት ምዕላም ሊቨርፑል ካብ ዝርከብ ኣብ ክልተ ጸወታ ማዕረ ወጺኡ'ሉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣሸፋእ | 30/08/2026 | ጎደና ከልዓውታ ቁ.57 ኣኽርያ ኣብ ጥቓ እንዳ ዓሊበኪት | 07157709 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | | ጎደና መረብ ቁ.18፡ ከባቢ ካብፓዮሎ | 124151 |
| ፋርማሲ ሰሸል | | ጎደና ናቕፋ ቁ. 33፡ ጥቓ እንዳ ኣልፋ | 120601 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services